# ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም፡ ማእከላይ እዚ ፍሉይ ስርሒታት ኣመሪካ ኣብ ዘዳለዎ ሲምፖሲዮም ድሕሪ ምስታፍ ሎሚ ተመሊሱ።

-----0-----

ሚኒስተር ምክልኻል ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም፡ኣብ ታምፐ ፍሎሪዳ፡ ማእከላይ እዚ ፍሉይ ስርሒታት ኣመሪካ ካብ 7 ክሳብ 14 ሓምለ ኣብ ዘዳለዎ ስምፖዝየም 2001 ድሕሪ ምስታፍ ሎሚ ድሕሪ ቀትሪ ኣስመራ ተመሊሱ።

እቲ “ምህናጽ ጥርኑፍ ሓይሊ ብሓባራዊ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን” ብዝብል ኣርእስቲ ዝተኻየደ ሲምፖዝየም፡ ብዛዕባ ኣብ ከባቢና ዝርከባ ሃገራት ዘለወን ወተሃደራዊ ዓቕምን ኣብ መንጎአን ክግበር ንዝኽእል ምትሕግጋዝን ከምዝዘተየ ጀነራል ስብሓት ገሊጹ። ንሱ፡ እቲ ሲምፖዝየም ኣብ መጻኢ ንዝካየድ ሓባራዊ ስራሕ ኣገዳሲ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ቀጻሊ ኣኼባታት ከምዝካየድ ሓቢሩ።

ኣብቲ ወተሃደራዊ ሲምፖዝየም፡ 21 ሃገራት ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ተሳቲፈን።

እዚ ከምዚሉ ከሎ፡ ዋና ኣዛዚ ማእከላይ እዚ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ጀነራል ቶሚ ኣር ፍራንክ ኣብ ኤርትራ ናይ ሰለስተ
መዓልቲ ምብጻሕ ስራሕ ንምፍጻም ሎሚ ኣስመራ ኣትዩ።

ጀነራል ፍራንክ ኣስመራ ኣብ ዝጸንሓሉ ምስ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂን ሚኒስተር ምክልኻል ጀነራል ስብሓት ኤፍሬምን ክዘራረብ እዩ።
ንሱ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ፡ መጀር ጀነራል መሓመድ ዑመር ሓሰን ጠዊል፡ ብርጋዴር ጀነራል ከሰተብርሃን ገብረሂወትን ብርጌደር ጀነራል ሃብተጼን ሓድጉን ተቐቢሎሞ።
ዋና ኣዛዚ ማእከላይ እዚ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ጀነራል ቶሚ ኣር ፍራንክ፡ ሎሚ ንኻልእይ ግዚኡ እዩ ኣብ ኤርትራ ዑደት ዘካይድ ዘሎ።

———— ኣዜኤ ————